# ተንኮል ዝተጎልበበ ሙጻዋዕታ “ሰላም”!

# ኣብ መንጎ ስርዓታት ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን፣

ድሕሪ ሓያሎ ዓሙታት ዝወሰደ ደማዊ ዝምድና ኣብ መንጎ ስርዓታት ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ብዝምጻከት፣ ዓመተ 2018 ሓድሽ ተርእዮ ኣመዝጊባ እያ ሓሊፉ። እቲ ብሃንደበት፡ ከም ማዕበል ሱናሚ ቦለኹኢሉ፡ ሞራሕ “ሰላም” ክማስል፡ ዝመጸ ፑ.ሚናይ ኢትዮጵያ፣ ዶ. ኣቢይ ኣሕመድ፣ ብኣፉ “ሰላም” እናበለ፣ ግዜ ከይወሰደ እዩ፣ ነቲ ገባጥን ዓመጽን ባህርያቱ ኣብ ከባቢኡ ከንጸባርቖ ዝተራእየ። ዶ. ኣቢይ ኣብ ትሕቲ “ተደምሮናል” ዝብል፡ ዘይንጹር ኣምር ተኸዊሉ፣ ብግዳሙሰላም ዝጽውዕ ዝማስል፡ ብውሽጡን ብትሕዝቶኡን ግን፡ ናይ ቀዳሞት ኣቦታቱን ኣቦሓጎታቱን ጎባጥን ዓመጽን ዝኾነ ከርሰ ነገር ዝሓቖፈ፡ ወፍሪ ሒዙ ብምብጋስ፣ ንሓያሎ ህዝቢ ከደናግር ፈተነ። ልክዕ እዩ፡ ዝኾነ ሕቡእ ኣጀንዳ ዘለዎ ፖለቲካዊ ባእታ ወይ ሓይሊ፣ ነቲ ስዉር ኣጀንድኡ ንምዕዋት፣ ልቢ ህዝቢ ዝሰልብ ናይ ቃላት ማሳርሕታት/ጭፎሖታት ሒዙ ብምብጋስ እዩ፡ ክሳብ ዝደልዎ ዝስጉም፡ ዶ. ኣቢይ ኣሕመድ’ውን **“ንወዕል ኣልጀርስ ብዘይ ቅድመ ኩነት ምሉእ ብምሉእ ተቐቢልናዮ”** ብዝብል፣ ልቢ ህዝቢ ዘጥልል ዝማስል ቃል ኣዊጁ እዩ ዝተበገሰ። ይኹን እምበር፣ ተኹላ፡ ዋላኳ ቆርበት በጊዕ ለቢሱ፡ በጊዕ ክማስል ይፈትን እምበር፣ ተኹላስ፡ ተኹላ ምኳኑ ስለ ዘይተርፎ፣ ኣስናኑ ከየቕልቀለ ነዊሕ ኣይጐዓዝን እዩ። ብተማሳሳሊ ድማ፡ ጎባጢ ሓይሊ፡ ብባህርያቱ ናብ ጎበጣን ዓመጽን ዓሊሙስለ ዝብገስ፣ ነቲ ሓቀኛ ጎባጢባህርያቱ ከየንጸባርቖ ነዊሕ ግዜ ኣይሕባእን ወይ ኣይጐዓዝን እዩ፣ ማለት እቲ ክሓብኦ እህቅኖ ሓቀኛ ባህርያቱ፣ ኣብ ሃንደበቱ ስለ ዘንጸባርቖ። እቲ ጸዋዕ ሰላምክማስል፣ ኣብ መጀመርታ ክልኣይ ክፍላ ዓመተ 2018 ዝተበገሰ ተመናዪ ተበግሶ ናይ ዶ. ኣቢይን መማኽርቱን እውን፡ ግዜ ኣይወሰደሉን፣ ንሜትን ባሕርን ኤርትራ ብረቂቕ ማስርሕ ንምዝማት ዝዓለመ ምኳኑ። ዶ. ኣቢየ ነቲ ዋና ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ረጊጹ፣ ብዘዕባ ሜሬትን ባህርን ኤርትራ ምስ መሻርኽተይ ዝብለን ሃገራት መደብ ክትልምምር ኣዩ ድማናይዚ መብርሂ እዩ። እዚ እዩ ድማእቲ ሓቀኛ ትሕዝቶን ተበግሶን ዶ. ኣቢይ፣ ሰላም”ሰላም” ዝብል ኣምር ተጎልቢቡ ከረጋግጾ ዝጉያየየሉ ዘሎጎባጢ መደቡ። ኣብዚ እዋን’ዚ ህዝቢ ኤርትራ ዝወከሎ ስርዓት ኣብ ኤርትራ ከምዘየሎን፣ ካብ ባዕሉ ህዝቢ ኤርትራ ሓሊፉ ድማ ካልእ ብዘዕባ ሜሬቱን ባሕሩን ምስ ዝኾነ ግዳማዊ ሓይሊ ውዕል ዝኣትወሉ ኣካል ከም ዘይብሉን ዶ. ኣቢይ’ውን ዘይፈልጥ ኣይመስለንን። ምስ ህዝቢ ዘይወከሎ፣ ብኣፍ መዝ ዝገዝእ ዘሎዲክታቶርያዊ ጉጅለ ህግደፍ ዝገብሩ ውዕላት እምበኣር፣ ንህዝቢ ኤርትራ ከምዘይምጻከቶን ከምዘይቅይዶን ስርዓት ኢትዮጵያ፣ ክሳርኡ ከይዓበየ ከሎ ክግንዘብ ይግባእ። ኣብ መንጎ ክልተ ኣህዛብ ዝግበር ውዕል፣ ሕጋውን ዘላቕን እዩ ክበሃል ዝከኣል እምበኣር፣ እቶምዝምጻከቶምኣህዝብ ብዝወከልዎምስርዓታት ምስ ዝፍጸም ጥራሕ ምኳኑ፣ ንሓደ ብፍትሓውነትን ህዝባውነትን ዝርዳእ ሰብ ብሩህ እዩ። እዚ ግን ብወገን ኤርትራ በኹሩ ከምዘሎ ንዶ. ኣብይን ማሳርሕቱን፣ ከምጸሓይ ቀትሪ ብሩህ እዩ። ሞራሕቲ ኢትዮጵያ “ንኹነታት ኤርትራ ንምምዝማዝ ነዚ ጎባጢ መደብና ክንቅጽሎ ኢና” በሃልቲ እንተኾይኖም ግን፣ ንሰላም ይሰርሑ ከም ዘየለዉ ክግንዘቡ የድሊ። ኣብዚ ብዝያዳ ክበርሃሎም ዘለዎ ነጥቢ ድማ፡ እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ኣዳንዩ፣ ምስ’ዚ ንህዝቢ ኢርትራ ዘጽንት ዘሎጉጅለ ዝግበር፡ ንሜትን ባህርን ኤርትራ ዝምጻከት ውዑላት፣ ንመጻኢ ህዝቢ ኤርትራ ከምዘይፈልጦን፣ እቲ ዝገብርዎ “ውዑላት” ድማ ምስቲ ስርዓት ክመውት ምኳኑን ክግንዘቡ ይግባእ።

ታሪኽ ከምዝምስክሮ፡ ኣብ ማእከላይ ክፍሊ ዘመን፡ ገዛእቲ ሓይላታት፣ ጎባጢዕላማታቶም ንምርግጋጽ ክወፍሩ ከለዉ፣ ቅዱሳን ክማስሉ፣ ኣብ መጀመርያ መጽሓፍ ቅዱስ ሒዞምብምውፋር እዮም፡ ንኽልተ ኣሕዋት እናጎዛዘዩ ወፍሪ ጎቦጣኦም ዘሰላሰሉ። ከምቲ እቲ ውሩይ ናይ 70ታት ጸሓፋይ፣ “ፍራንዝ ፋኖን”፣ ኣብቲ፣ “ብላክ ስኪን፣ ዋይት ማስክስ” (Black Skin White Masks)፡ ዝብል መጽሓፉ፣ “ገዛእቲ ሓይልታት፣ ንዓና መጽሓፍ ቅዱስ ኣሕቂፎም ሜሬትና ዘሚቶሙና” ይብል። ገዛእቲ ሓይልታት ንወራር ክወፍሩ ከለዉ፣ ንመጽሓፍ ቅዱስ ከም መቑሕ ብምጥቃምእዮም፡ ነቲ ዋና ሜሬት ዝኾነ ህዝብታት ብሃይማኖታዊ መንፈስ እናሞቐሑ፣ ሃብቲ ሜሬቱን ባሕሩን ንኽዘምቱ፡ ብኽልተ እግሮም ኣብተን ክገዝእወን ዝወፈሩ ሃገራት

ዝረገጹ። ድሕሪ ኩሉ’ዚ ዒምዝበለ ወዲ ሜሬት ድማ፣ ግዳይ ማእሰርትን ቅንጸላን ኮይኑ እዩ ዝተረፈ። ከምዚሎምእዮምድማ እቶምገዛእቲ ሓይልታት ንኣሜሪካ ዝቕጽር ዓመታት፡ ነተን ዝገዝእወን ሃገራት ደመን መጽዮም፡ እዕጽምተን ዝቆርጠምወን፡ ፡ እቲ “ሰላም’ ዝብል ቃል ዶ. ኣቢይ ድማ፣ ናይ ዕስራን ሓደን ክፍለ-ዘመን መጽሓፍ ቅዱስ ኮይኑ እዩ ንህዝቢ ኤርትራ ቀሪብዎ ዘሎ።

ነዚ ሽጣራ’ዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ክትጥቀም ምፍታን ግን፣ ንታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዘይምግንዛብ ጥራሕ እዩ ክበሃል ዝከኣል። ንሕና ኤርትርውያን በዚ ሁመት እዚ ከም ዝሓለፍናን፣ ንወለዶታት ዝኸደ መኸተታት ብምክያድን፣ መዕቀኒ ዘይርከቦ ናይ ህይወትን ንብረትን ዋጋታት ከፊና፣ ሃገር ክንውንን ከምዝበቓዕናን ናይ ትማልን፡ ናይ ሎምን፡ ናይ ወትሩን ሓቀኛ ታሪኽና እዩ፡ ፡ እሞኸደኣ፣ ንሕና ዲና ብታሪኽና ዘይተማሃርናን፣ መንነትና ዘየለለናን ኮንና ወይስ፡ ዶ. ኣቢይ ምስ ማኅርሕቱ እዩ ሕሉፍ ታሪኽና ዘይተደርአ ኮይኑ፧ ኣብዚ መዩ ዝዕሾ ዘሎ፧ እቲ ንዶ. ኣቢይ ዝምልከት ሕቶ ሜልሱ ናብኡ ንግደፎ፣ ነቲ ንዓና ዝምልከት ሕቶ ግን ክንምልሶ ግዴታናን ሓላፍነትናን ይኸውን፡ ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ድማናይዚ ሜልሲ ኣብ ምርካብ ግደኡ ክጻወት ይዕደም።

ኢትዮጵያውያን እቲ ከርሲ ነገር ንኤርትራ ዝደልይዋ ምኽንያት እንታይ እዩ፧ ብሓቂዶ ንህዝቢ ኤርትራ ከም ናቶም ገይሮም ስለ ዝርእይዎን ዝሓልይሉን እሞ ካብኦም እንተተፈልየስ “ዝብኢ ከይበልያ” ስለ ዝግደስሉ እዮም፧ እዚ ሕቶ’ዚ ኣቕዲሙ በዚ ሎሚካብ መቓብር ኣውጺኦም፣ ሐበኖምምዃኑ ንምግላጽ፣ ሓወልቲ ዝሰርሕሉ ዘለዉቄሳር ሃይለስላሴ፣ ቅድሚኣስታት 50 ዓመታት ብተግባር ዝተማለሰ ሕቶ እዩ፣ ማለት ንኢትዮጵያ፡ ሜሬትን ባህርን ኢርትራ እምበር፣ ህዝባ ከምዘየድልያ ቄሳር ሃይለስላሴ ኣንጊሁ ብኣፍ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ብተግባር ኣነጺርዎ እዩ፡ ፡ ከምዚ ስለ ዝኾነ ድማ እዩ፣ ስርዓት ቄሳር ሃይለስላሴ ኮነ፣ መንፈሱ ዝወረሰ ስርዓት ደርጊ፣ “ዓይኒ ብለይ ስኒ ብለይ” ብዝባህርያቱ ተግባሮም፣ ሜሬት ኤርትራ ንኸባድሙ **ሰባን ጥሪታን ጪቢታታን፡ ብናይ ሞርዚ ቡምባታትን ጋዝን፡ ብሓውን ብማሕነቕትን ን30 ዓመታት ክጽንትዋ ዝጸዓሩ፡ ፡** መንፈስን ዕላማን ዶ. ኣቢይ ምስ ማኅርሕቱ’ ውን፣ ግዳማዊ ሕብሩን ኣፋዊ ቋንቋኡን ዝቐየረ ኣኳ ይምሰል እምበር፣ ብትሕዝቶስ ቀጥታን መቐጸልታን መደባት ቄሳር ሃይለስላሴን ደርግን ምዃኑ፣ ነቲ ንወለዶታት እናተወራረሰ ንሃገራዊ መንነቱ ዝወደቐ ኤርትራዊ ንጹር እዩ። ምኽንያቱ፡ ህዝቢ ኤትራ እቲ በዞምኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሜራሕቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈጸመግፍዒ ስንብራቱን ቃንዝኡን ገና ኣብኣካላቱን ኣእምሮኡን ስለ ዘሎ።

ሰላምከምኣምር ቅዱስ ቃል እዩ፡ ፡ ንኹሉ ኣህዛብ ዓለምድማናይ ረብሓን ቅሳነትን ምንጪ እዩ፡ ፡ ይኹን እምበር፡ ከርሰ ትሕዝቶኡ ንዓመጽን ንጎበጣን ዝዓለሙ ኣብ ትሕቲ “ሰላም’ ዝሕባእ ተንኮል ግን፣ ግዜኡ ዝሓለፈ ምሽሙሽ ”ፍልስፍና” ምዃኑ ንዶ. ኣቢይን ማኅርሕቱን ክበርሃሎምይግባእ። ሰላምንህዝቢ እምበር ንውልቀ-ሰባት ወይ ጉጅለታት ዘገልግል ማኅርሕ ህይወት ኣይኮነ ን። **ንህዝቢ ረጊጹ፡ ኣብ ጸልማት ዝግበር ናይ “ሰላምውዑላት” ድማ ኣብቲ ጸልማት እዩ ዝተርፍ፣ መግለጺኡ ድማ ውዑል ዘይኮነ ስ ውዲት እዩ ዝኸውን።** ምኽንያቱ እቲ ዋንኡን ተጠቃሚሰላም ዝኾነ ን ኣህዛብ ስለ ዘይፈልጦን ስለ ዘይተዋስኣሉን። እቲ ኣብዚ ክበርህ ዘለዎ ተረድኦ ድማ፣ ኣብ መንጎ ዓመጽን ተዓመጽን ብማንምተኣምር ሰላምክህሉ ከም ዘይክእል እዩ፡ ፡ ናይዚ ምስክርን ሰነዳዊ ሞርትያ ን ድማ፣ እቲ ካብ 1961 ክሳብ 1991፣ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዝሓልፈ ደማዊ ታሪኽ ናይ ትማሊ እዩ፡ ፡ ዶ. ኣቢይ ምስ ማኅርሕቱ ድማ “ታሪኽ ንድሕሪት ይማለስ፣ እቲ ንሕዝቢ ኤርትራ ብጋዝን ስምን፡ ዓረርን፣ ናይ ገምድ ይኹን ናይ ኣለክትሪክ ማሕነቕትን ዘህለቐ፣ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ፣ ግዳይ ድኽነ ት ዝገበረ፣ ከም ሳዕቤኑ’ውን ህዝባዊ ህልቂት ዘኸተለ መዋእል ይደገ ም’፣ ዝብል ከምዘሎእዩ ዘስምዕ። እዚ ግን ናይ ጎበጥትን ዓመጽትን እምበር፣ ናይ ለባማት ፖለቲከኛታት ኣተሓሳስባ ኣይኮነ ን። ኣብ ፖለቲካዊ ህይወት ድማ፣ ሓደ ዓሚጺ ረብሓታቱ ብሓይሊ ከረጋግጽ ዝኣመ ን፣ ሓደ ጠስሚ ክረክብ ብማለት ማይ ዝሓቖነ ን፡ ክልቲኦም ሓደ ምዃኖም፣ ታሪኽ ብምውካስ ክግንዘብዎ ንዶ. ኣቢይ ምስ ማኅርሕቱ ከዘኻኽሮምእፈቱ። ምኽንያቱ ዝሓልምዎ ዘለዉ ሕልሚንረብሓ ክልቲኡ

ኣህዛብ ስለ ዘየገልግልን፣ ረብሓ ናይ ክልቲኡ ኣህዛብ ድማ ኣብ ዶቡ ዝነጸረ ናይ ሰላም ጉርብትና ዝምርኮስ ስለ ዝኾነ ።

እቲ ኣብ መንጎ ኢርትራን ኢትዮጵያን፡ ናብ ቅኑዕን ዘላቕን ሰላም ዝመርሕ ጎደና እምባኣር፣ ብስርዓት ጉጅለ ህግደፍን ህልዊ ስርዓት ኢትዮጵያን፣ ገና ናብ ጽልግልግ ዝብል ሁመት እዩ ተሰጢሑ ዝርከብ ዘሎ፡ ፡ እቲ ነቲ ካብ ክልቲኡ ኣህዛብ ናይ ኣሽሓት ህይወት ምጥፋእን፡ ናይ ብሚሎናት ዝሽነን ንብረት ምብራስን ጠንቂ ዝኾነ ጉዳይ ረጊጽካ፣ "ሰላም- ሰላም" ምባል፣ ልቢ ናይቲ ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ኣብ ናይ ኲናትን ድኽነትን ዓጸቦ ዝማሰነ ህዝቢ ንምስላብ ምፍታን ካብ ምኳን ሓሊፉ፣ ሓቀኛ መድሃኒት ናይቲ ክኸይድ ዝጸንሐ ሽግር ከም ዘይኮነ ክኽወል ዘይከኣል ሓቂ እዩ። "ሰላም" ዝደሊ፣ መጀመርያ ንሰላም ዕንቅፋት ክኾኑ ዝኽእሉ ረቛሒታት ክውግን ይግባእ። ሰላም ኣብ መንጎ ክልተ ሃገራት ወይ ኣህዛብ ድማ ኣብ ናይ ሕድሕድ ምክብባርን፣ ሕድሕድ ማሰላት ምጽላይን ምሕላውን (Mutual interest) ዝምርኮስ እምበር፣ ረብሓ ሓደ ወገን ረጊጽካ፣ ረብሓ ናይቲ ካልኣይ ወገን ከተጎልምስ ዝግበር ዝምድናታት ኣይኮነን። ውዕል ኣልጀርስ ድማ ነዚ ሕቶ'ዚ ዝምልስ ብይን ዝሓዘ እዩ። ነዚ **ረጊጽካ ዝግበር ናይ ሰላም ሆሆ ግን፣ ናብ ሰላም ዘይኮነስ፣ ገና ናብ ቀጻሊ ሽግር ንምእታው ዝዓለመ ዘይሕጋውን ዘይህዝባውን** ተበግሶ ጥራሕ እዩ ክበሃል ዝከኣል። ጉጅለ ኢሳያስን ንዶ. ኣቢይ ምስ ማሳርሕቱን ድማ ሕጂ ህዝቢ ኤርትራ ተዳኺሙ እዩ፣ መንእሰያቱ ፋሕ ኢሎም እዮም ስለዚ ከም"ሰብኣይን ሰበይትን ዝተባእስሉ መኣዲ ...." ዝረኸብኩምሚ ማሊኩም ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ብመንገዲ ፍትሒ ምስ ተነጽጎ፣ ተገዲዱ ብደሙ ዘረጋገጾ ሃገራዊ መንነቱ ክትምንዝዑ ከይደቀስኩም ትሓድሩ ከም ዘለኹም ውዲታዊ ህቀናኹም በሪሁ እዩ። ልክዕ'ዩ ወፍሪ ኢሳያስ ካብ ንጉሆ ነዚ ዝዓለመ ከም ዝነበረ፣ "ደንጉና'ምበር ዕላማና ሃሪምና፣ ኣይከሰርናን ከኣ" ብምባል ባዕሉ ኣብሪህዎ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ኣብዚ ውዲት እዚ ኣይወዓለን፣ ኣይወፍሩን እዩ ድማ፡ ዕላማ ናይ 1961 ኣብ 1991 ኣንጺርዎ እዩ። መራሓቲ ኢትዮጵያ፣ በዚ ሕጂ ንህዝቢ ኤርትረ ረጊጽኩም ትጓየይሉ ዘለኹም ዘይህዝባውን ዘይቅዱስን ዕላማ እምባኣር፣ ከምፈጠርቲ ሽግር እምበር፣ ፈታሕቲ ሽግር ከም ዘይኮንኩም ንኽልቲኡ ኣህዛብ ተነጽርሉ ኣለኹም። ስለዚ እምባኣር፣ ቅድሚ ሓደ ስጉምቲ ምስጓምኩም 2 ግዜ ክትሓስቡ፡ እሞ ኣብ ናይ ዕድመኹም ታሪኽ እንታይ ኣውሪስኩም ወይ ገዲፍኩም ትኸዱ ክትሓስቡ ይግባእ። ኢሳያስ ኣብ ኣዋሳ ከይዱ፣ ንዓኻ ዶ. ኣብይ፣ "ኩሉ ሓላፍነት ናይ ምምራሕ ሂበካ ኣለኹ" ክብለካ ከሎ፣ እዚ ንርሱ ንህዝቢ ኢትይዮያ ንዕቀትን ጸርፍን'ዶ ኣይኮነን፤ ንዓኻ ስልጣን ዝሃበካ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክነሱ፣ በየናይ ማእከዲ እዩ ኢሳያስ፣ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኮይኑ፣ ንዓኻ ስልጣን ዝህበካ ዘሎ፤ እዚ ፖለቲካዊ ቍልዕነት ወይ ዕብዳን ካብ ምባል ሓሊፉ፣ ካልእ መግለጺ ክውሃቦ ኣይክእልን እዩ፣ ኣብ ታሪኽ ተራእዩ ስለ ዘይፈጥ። ብወገነይ እምባኣር፣ ኣብ ማስርሕ ፖለትካ ነብስኹም ተዐቅኑ ኣለኹም ጥራሕ እየ ክብል ዝኽእል። ክንዮኡ ንዘሎ መዐቀኒ ተዋስኦኹም ግን፣ ንጽሓፍቲ ታርኽ ክገድፎ እደሊ።

ኣብ መደምደምታ ናይዛ ጽሑፍተይ፣ ብፍላይ ንዶ. ኣቢይ ኣሕመድ ምስ ማሳርሕቱ ክብሎ ምዝደሊ እምባኣር፣ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዋጋ መንነቱ ዝጸዓድ ህዝቢ ከምዘይኮነ ብታሪኽ ዘነጸሮ ሓቂ ምኳኑ ክግንዘቡ'ሞ "ቆርበት በጊዕ ዝለበሰ ተኹላ" ዝመማዝኒኡ ማገ ሲናይ "ሰላም" ወፍርኹም ዳግማይ ክትሓስብሉ እሞ ካብ ቅኑዕ ማገ ሲናይ ሰላም ተበጊስኩም ቅኑዕ ጎደና ሰላም ብምኽታል፣ ናብ ቅኑዕ መደምደታ ሰላም ክትበጽሑ ምስ ትሰርሑ ጥራሕ ምኳኑ፣ ረብሓ ክልቲኡ ኣህዛብ ዝረጋግስጽ ከብርህ እፈቱ። ብዝተረፈ ደድሕሪ እቲ ንመቓልስቱ ብብሓደ እናበልዐ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ድማ "ንዓይዶ ስልጣን ዝሃበኒ ህዝቢ ኣሎእዩ" እናበለ፣ ብተግባራቱ ርዒዱ፡ ድቃስ ዘይብሉ ዝሓድር ዘሎ ዕቡድ ዲክታቶርያዊ ባእታ፣ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብምኻድን፣ "ስልጣን ካብኡ ተቐቢልካ ብቓላቱ ምምራሕን"፣ ነዚ ክልተ ኣህዛብ'ዚ ኣብ ዓዘቕቲ ሽግር ከተእትውዎ'ምበር፣ ዘላቒ ፍታሕ ወይ ቅሱን ሕውነት ከተምጽእሉ ከምዘይትኽእሉ፣ ንታሪኽ ተወከሱ ክብል እደሊ፡ ፡ "***ተደምሮናል***" *ዝብል ልስሉስን ቅዱስን ዝማስል ቃል ዶ. ኣቢይ እምባኣር፣ ብትሕዝቶኡ ወፍሪ ጎበጣ ኮይኑ፣ ተግባራዊ ትርጉሙ ድማ "ኤርትራን ኣንደገና የቅኝ ግዛታችን ለማድረግ ተነስቶናል" ብዝብል ናይ ገዛእቲ ሓይልታት ቛንቛ ጥራሕ እዩ ክግለጽ ዝከኣል። ብዝተረፈ ሰላም ክፈጥር ዝደሊ፣ ነቲ ሰላም ክይፍጠር ዓጊቱ ዝጸንሐ ረቛሒነገር እዩ መጀመርያ ክልግስ/ክፈትሕ*

*ዝግባእ፡ ፡ በዚ ጎደና’ዚ ምስ እትጕዓዝ ጥራሕ እዩ ድሙቕ ረብሓ ክልቲኡ ኣህዛብ፣ ሰናይ ጉርብትና ብምፍጣር፣ ሓንሳብ ንሓዋሩ ክረጋገጽ ዝኽእል።* ናብዚ ዘብጽሕ ጎደና ድሙቕ እቲ ብቤት ፍርዲ ዓለምዝተበየነ ፣ ብ**“ስምምዕ ኣልጀርስ”** ዝፍለጥ ብይን ብተግባር ብምትርጓም ምስ እትብገስ ጥራሕ ኣዩ። ብዝተረፈ ቃልካን ተግባርካን ተወሃሂዶምዘይንበብሉ ጉዕዞ ምኽታል፣ ተንኮል ዝሓቖፈ ኣብርእሲ ምዃኑ፣ ታሪኽ ዝጎሓፎ ፈልስፍናን ሜላን ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ።
ስስዐ ይኹን ተንኮል ነቶምንረብሓ ህዝቦምኣንዊሖምክርእዩ ዘይበቕዑ ሜራሕቲ ወያኔ ሓርነት ትግራይ’ውን ኣይጠቕሞምን።

**ኣብ ሜዕጸዊ ናይዛ ሓጻር ጽሑፍተይ፣ ንሜራሕቲ ኢትዮጵያን ብናቶምመንፈስ ዝግዝኡ ሰዓብቶምን ብተወሳኺ ክበርሃሎምዘለዎ ድሙቕ ኣዚ ጽሑፍ እዙይን መንፈሱን ብሓደ ባእታ ዝተጸሕፈ እኳ እንተመሰለ፣ እቲ ሓቖፍዎ ዘሎ ተልእኾን መንፈስን ግን ናይ ህዝቢ ኤርትራ መንፈስን እምነትን ዘብርህ ምዃኑ ክግንዘቡ ከምዘለዎም ከብርህ እደሊ፣ ምኽንያቱ፡ እዚ ካብ ሓደ ኣብ ወሽጢ ህዝቢ ኤርትራ ዘሎን፣ ብመንፈስን ረብሓን ህዝቢ ኤርትራ ዝግዛእን ባእታ ዝቃላሕ ዘሎ መንፈስን እምነትን ህዝቢ ስለ ዝኾነ፡ ፡**

**ኣብ መንጎ ክልተ ተጎራበቲ ዝኾና ሃገራት፣ ዓሚቕን ተዓሚቕን ዝሕሚቱ ዝምድና ክሳብ ዘሎ፣ ጥዑይ ጉርብትና ክህሉ ፍጹምኣይክእልን እዩ!**

**ንጥዑይን ነባርን ጉርብትና ንስራሕ!**

ወልደስላሴ ዑ. ተስፋይ
ኖርወይ
17.3.2019